# ሓባራዊ ፌስቲቫል ኤርትራ
# ናይ ተስፋ ጩራ

## ሓባራዊ ዜናዊ ኣካል
## ሰ.ህ.ኤን ሰ.ዲ.ኤን
17.07.2009

ቅድም ክብል ብሓልዮት ዲሞክራስያዊ ማሕበር መንእሰይ ኤርትራ፡ ድሒሩ ድማ፡ ብኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ማሕበር ን23 ዓመታት ዝቐጸለ ሰፊሕ ፌስቲቫል ኤርትራ ኣብ ሃገር ጀርመን፡ ኣብ ከተማታት ፍራንክፈርትን ካስልን ክዳሎ ከምዝጸንሐ ዝዝከር'ዩ። ናይ ሎም ዘበን ፌስቲቫል ኤርትራ፡ ብሓልዮት ኤርትራዊ ዲሞክራሲ ማሕበር ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት ንመበል 24 ዓመት ዝካየድ ኰይኑ፣ ፍልይ ዝበለ ዝገብሮ ግን፡ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ንመጀመርያ ብሓባር ዘዳልዉዎ ዘለዉ ፌስቲቫል ምዃኑ ኢዩ።

ሓባራዊ ፌስቲቫል ኤርትራ 2009፡ ካብ 7-9 ነሓሰ ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት፡ ቦከንሃይም ቫርተ ዩኒቨርሲቲ ንምጽንባሉ ዘድሊ ምድላዋት ተገይሩ ኣሎ። ኣብ'ዚ ፌስቲቫል'ዚ፡ ከም'ቲ ልሙድ፡ ኤርትራ ናይ ጽባሕ ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ብኤርትራውያን ምሁራትን ኪኢላታትን ዝቐርብ መጽናዕታዊ ኣስተምህሮታት ክህሉ ኢዩ። ኣብ ናይ ሎምዘበን ኤርትራ ናይ ጽባሕ መደብ፡ ንጉዳይ ሰላም ዲሞክራሲ፡ ናጽነት ናይ ፕረስን ባህልን ዝምልከት መግለጺታት ክቐርብ ኢዩ። ናይ መንእሰያት መደብን ናይ ሙዚቃን ጸወታን ምሸታትን ውን፡ ኣገዳሲ ኣካል ናይ'ቲ ፌስቲቫል ኰይኑ ክቕኒ ኢዩ።

ኣብ ናይ ሙዚቃን ደርፍታትን ምሸታት፡ ሑሴን መሓመድ ዓሊ፡ ኢዮብ ሃይለ፡ ኢብራሂም ማሕሙድ፡ ኣለም ኣሰፋው (ዕንባባ)፡ ኑረዲን ማሕሙድ ተኸለ ስብሃቱ፡ ስልጣን ያሲን፡ ሰሚራ ኣስመላሽ፡ ሚኪኤል ኣርኣያን ኣሉላ ሃብተን ካልኦትን ዝኣመሰሉ ገዳይምን ሓደስትን ወናማት ሙዚቀኛታትን ደረፍትን ዝሳተፍዎ ኰይኑ፣ በቲ ካብ 60ታት ኣትሒዙ ኣብ'ዚ ሞያ'ዚ ክዋሳእ ዝጸንሐ ክኢላ ይትባረኽ ገብረትንሳኤ ዝውሃሃድ ክኸውን ኢዩ።

ብተወሳኺ፡ ብርክት ዝበለ ቍጽሪ ዘለዎም ኣባላት መሪሕነታት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን፣ ከምኡ ውን፡ ዕዱማት ኣባላት መሪሕነታት መሓዙት ውድባትን ዝሳተፍሉን ናይ ደገፍ መደረታት ዘስምዕሉን ፌስቲቫል ስለዝኾነ ድማ፡ ፍሉይ ኣገዳስነትን ድምቀትን ዘለዎ ፌስቲቫል ክኸውን ምዃኑ ርዱእ ኢዩ። ንመስርሕ ሓድነት ውድባት ተቓውሞ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ኣብ መንጎ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስን ዝኸይድ ዘሎ ጉዕዞ ድማ ብፍላይ፡ ዝምልከት ሰፊሕ መብርሂ ክውሃበሉ ኢዩ።

"ህግደፍ ወዲቑ፡ ህዝባዊ መንግስቲ ክትከል፣ ሓባራዊ ዕማም ደምበ ተቓውሞ ይደልድል" ኣብ ትሕቲ ዝብል ጭርሖ ዝካየድ ዘሎ ሓባራዊ ፌስቲቫል 2009፡ ውጽኢት ናይ'ቲ ብሩህን ዘየሻሙን ናይ ሓድነት ስትራተጂ ኰይኑ፡ ዕላማኡ ንደምበ ተቓውሞን ምድልዳልን ንህዝብና ካብ ኣርዑት ጭቆና ዲክታቶርያዊ ስርዓት ንምልቓቕን ኢዩ። ስለዝኾነ ከኣ፡ ኲሉ ኣብ ምውዳቕ ናይ'ቲ ዲክታቶርይዊ ስርዓት ረብሓ ዘለዎ ኤርትራዊ ክድግፎን ክሳተፎን ይግባእ። እዚ ምስ ዝግበር ከኣ፡ ነቲ ኣበየኾርናዕ ናይ ዓለም ፍሽለት ዘጋጥሞ ዘሎ ፌስቲቫላት ጨቋኒ ስርዓት ኢሳያስ፡ ካልኣይ ቀብሩ፤ ንጭቑን ህዝብና ድማ ናይ ተስፋ ጩራ ክኸውን ኢዩ።

ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ወይ ሰለስተ ዓመታት ዝተራእዩ ዕብየትን ስፍሓትን ናይ'ቲ ኣብ ፍራንክፈርት ዝካየድ ፌስቲቫል ኤርትራ፡ ምልክት ናይ ትስፉው መጻኢ ፌስቲቫላትናን ቃልስታትናን ምዃኑ ኣማተ ኢዩ።